<u>ንምንታይ ኢትዮጵያ ?</u>  <u>ናይ ኣቡነ</u> <u>ምንታይ ከ ተጋሩ ?</u>

እዚኣ ሕጽር ዝበለት መልሲ ንፍትሒ መሓሪ ዝተዳለወት ክትከውን እንከላ ብሓፂሩ <u>ንምንታይ ኢትዮጵያውያን ?</u> ብፍላይ ከ <u>ንምንታይ ተጋሩ?</u> ድሕሪ ሕጂስ ንኤርትራ  ደሞም የፍስሱላን ኣዕፅምቶም ይኽስክሱላን ። ኤርትራውያን ብሓቂ ከምዚ ዓይነት ሓገዝ ዝግብኦም ድዮም ? ኣብ ሓፂር ዓመታት ውሽጢስ ከምይ ኢሎም ክደፍሩናን ክንዕቑናን እዮ ከምዚ ዓይነት ድፍረት ዝመለአ ዘረባ ክዛረቡ ክኢሎም ። ካብ መጠን ንላዕሊ በዚሑ ። መረባት ናይ <u>ተጋሩን</u> <u>ኢትዮጵያውያንን</u> ነዚ ርኹስ ዝኾነ ስርሖምን ቅስቀሳኦምን መጠቀሚ ክኾና የብለንን እንዳበልኩ ብትሕትና እሕብር ። ንምንታይ ፦

ኣሕዋትናን ኣሓትናን ኣብ ገረብን ሩባታትን ኤርትራ ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኢሎም ዝተሰውኡን ኣካለ ጎደሎታት ብሙኻን ዝርከቡ ብመጀመርያ ነቲ እቲ ኽቡር ቃልሶም ዘይተመስገኑስ ዳግማይ ከኣ ሕጂ ክንቃለሰልኩም ? ከምቲ እንግሊዛውያን ዝምስሉዎ (Fool Me Once, but you can't fool me twice) "ሓደ ጊዜ ተዓሽየ ካልኣይ ጊዜ ግን ኣይድገምን ኢየ" ድሕሪ ሕጅስ ናይ ውሽጢ ገዛኹም ሽግር ባዕልኹም ትፈትሑዎ ። ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝበፅሔ በደልን ግፍዒን ብቐሊሉ ከምዘይርሳዕን ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እንዳተመሓላለፈ ከም ዝነብር ክትፈልጡዎ ይግባእ ። ህዝቢ ትግራይ ርህሩህን ለባም ህዝቢ ብምዃኑ እቲ ኹሉ በደልን ግፍዒን በፂሑዎ ንህዝብኹም ኣብ ዓዱ ኣጋይሹ ፡ ንባዕሉ ካብታ ዝበልዓ ወይ ከኣ ካብ ደቁ እንዳመንጠለ ይቕልብን ሕጅውን መሰጋገሪ ዓድታት ይኸውን ከምዝለዎ ልብኹም ይፈልጦ እዩ ።

ስለዚ እንተኾነ ንህዝቢ ኤርትራ ከም ትግራዋይ ዝበፅሖ ሓውን ሐፍትን ከምዘይብሉ ዋላ እኳ ኩላትና እንተፈለጥናዮ ግብርኹምን ግብሪ ናይ መንግስትኹምን <u>ግብረ እኩይ</u> ኮይኑ ስለ ንሪኦ ኣቦኹምን ኣዴኹምን ወይ ከአ እቲ ከም ሓደ ፈጣሪ ትሪእዎ ጎይታኹም ፅሉል ኢሳያስ ኣፈወርቂ ይዳኒኹም ። እንተድኣ ዘየለ ከኣ ከምዓለምኩም ተዓጢቕኩም ትቓለሱዎ ። በጃኹም ፦

ንሕና ምእንታን ናይ ባዕልና ፀገምን ፡ ሽግርን ፡ ድንቁርናን ፡ ጥምየትን ክንዋጋእ ከም ንቡር ዓለም ማዕቢልና ክንርኢን ክንነብርን ካብ መንገድና ኣልግሱልና ። ሰሪሕና ከኣ ክንበልዕን ደቅና ተማሂሮም ምስ ምሉእ ጥዕንኦም ኣብ ቁም ነገር ምእንታን ክበፅሑልና ግደፉና ።

ተጋሩ ወይ ከዓ ኢትዮጵያውያን እንድሕር ደኣ ተበጊስና ግን ንቶም ኣሕዋትናን ኣሓትናን ኣብ ምድሪ ኤርትራ ክሳብ ሕጂ ብስርዓት ናይ ኢሳያስ ኣፈወርቂን ብቶም ሓገዝቲ መንግስቱን ዝኾኑ ከሓድትቲን ካዳዓት ኤርትራውያን ኣብ ብርቱዕ ስቓይን ምንግልታዕን ንዝርከቡ ተጋሩ ወይ ከዓ ኢትዮጵያውያን ወገናትና ነፃ ንኽነውፅእ ይኸውን ።

ካብ ግዱስ ትግራዋይ
ዓወት ንህዝቢ ትግራይን ህዝቢ ኢትዮጵያን !!!